ዕለት 19 ጉንበት 2020
ጉዳይ ምስፋሕ ናይ ኢንተርነት ኢንተርቪው (ብኢንተርነት እንዳተረኣኣኻ ዝግበር ናይ ዐቕባ ኢንተርቪው)

ዝኸበርካ ኣቶ/ወይዘሮ፡

ብዕለት 24 ምይዛያ 2020 ነቲ ኣብ ግዜ ቅልወላ ውኮሮና ብኢንተርነት ዝካየድ ናይ ዐቕባ ኢንተርቪው ዝምልከት ደብዳቤ ሰዲደልካ ኔረ። ኣብ'ቲ ደብዳቤ፡ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽንን ዜግነትን (ኢ.ኤን ዴ)፡ ናይ ዐቕባ ኢንተርቪዋት ብመንገዲ ኢንተርነት ክጅምር ምኳኑ ተጠቒሱ ኔሩ። እዚ ኣገባብ ኢንተርቪው፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ኮንካ ብኮምፒተር ዝግበር ኢንተርቪው እዩ። እዚ፡ "ቴሌሆረን" ወይ ድማ "ቴሌኸሆረን" ተባሂሉ ይፍለጥ። ኣብ'ዚ ደብዳቤ፡ ብዛዕባ እዚ ብኮምፒተር ዝግበር ኢንተርቪው (ቴሌሆረን) ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ።

**ኢ.ኤን ዴ ብመንገዲ ኢንተርነት ኢንተርቪው ንምግባር ተወሰኽቲ ሓተትቲ ዐቕባ ክዕድም እዩ**

ኣብ'ቲ ናይ ዕለት 24 ምያዝያ ደብዳቤ፡ ነቲ ብመንገዲ ኢንተርነት ዝካየድ ኢንተቪው፡ ኢ.ኤን ዴ ብውሑድ ጉጅለ ከምዝጀምሮ ተጠቒሱ ኔሩ። እዚ ጉጅለ፡ ካብ ሶርያ፡ የመንን ቱርክን ዝመጹ ስደተኛታት ዝሓቖፈ እዩ። ሕጂ ድማ፡ ብማስረት እወታዊ ተሞክሮ ናይ'ቶም ከሳብ ሕጂ ዝተኻየዱ ናይ ኢንተርነት ኢንተርቪዋት፡ ተወሰኽቲ ሓተትቲ ዐቕባ ክንዕድም ኢና።

እዚ ማለት፡ ንስኻ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ኩነታት፡ ብመንገዲ ኢንተርነት ኢንተቪው ንምክያድ ዕድመ ክመጻካ እዩ፡-

- ሓፈሻዊ ማስርሕ ዐቕባኻ (Algemene Asielprocedure) ገና ዘይጀመረ እንተኾይኑ።
- ኣቓዲሙ ንስኻ ናብ ዝተናውሐ ማስርሕ ዐቕባ (Verlengde Asielprocedure) ክትኣቱ ምኳንካ ዝተነግረካ እንተኾይኑ። እዚ ማለት፡ ኢ.ኤን ዴ ነቲ ንስኻ ዘቕረብካዮ ናይ ዐቕባ ሕቶ ምላሽ ንምሃብ ዝያዳ ግዜ ዘድልዮ እንተኾይኑ ማለት እዩ።

**ኣብ'ቲ ናይ ዕድመወረቕት ዝያዳ መብርሂ ክወሃበካ እዩ**

ብመንገዲ ኢንተርነት ኢንተርቪው ንኽትገብር ናይ ዕድመወረቐት ምስ ተዋሃበካ፡ ብዛዕባ እዚ ብሰንኪ ቅልወላ ውኮሮና ተኣታትዩ ዘሎ ለውጥታት ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብኡ ክተንብብ ኢኻ። ብተወሳኺ፡ ነቲ ዝካየድ ዝርርብ ብኸመይ ኣገባብ ክትቀራረበሉ ከምትኽእል ኣብኡ ሓበሬታ ክህሉ እዩ። እቲ ምቅርራብ ምስ ጠበቓኻ ብሓባር ኮንካ ብመንገዲ ኢንተርነት ትገብሮ። ብዛዕባ ብመንገዲ ኢንተርነት ዝካየድ ኢንተርቪው ሕቶ ምስ ዝህልወካ፡ ንማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት (ፊ ቪ ኤን) ክትወከስ'ዎ ትኽእል።

**ገና ኩሉ ሰብ ኣይኮነን ብመንገዲ ኢንተርነት ኢንተርቪው ዝገብር**

ብመንገዲ ኢንተርነት ዝግበር ኢንተርቪው፡ ገና ንኹሉ ሰብ ኣይኮነን ምቹእ። ንኣብነት፡ ኣብ'ዘን ዝስዕባ ኩነታት፡ ብመንገዲ ኢንተርነት ኢንተርቪው ንምግባር ዕድመ ኣይክመጻካን እዩ፡-

- ብመንግዲ ኢንተረንት ኢንተርቪው ንኽትገብር ዝዕንቅፍ ናይ ኣካል ኮነ ናይ ኣእምሮ ጸገም ምስ ህልወካ።
- ዕድሜኻ ካብ 18 ዓመት ንትሓቲ እንተኾይኑ እሞ ኽኣ ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ ናይ ቀጥታ ኣባል ስድራ እንተዘይብልካ። ኢ.ኤን ዴ፡ ነዚኦም "ብዘይ ስድራ ዝመጹ ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛታት" (ኣ ኤም ፊ) ኢሉ ይሰምዮም።

**ብቐሊሉ ኣብ ክንረኽበካ ንኽእል ኩነታት ከምትጸንሕ ግበር**

ሪጋኻ ምስ ኣኸለ፡ ነቲ ናይ ዕድመ ደብዳቤ፡ ናብ'ቲ ንስኻ ተመዝጊብካሉ ዘለኻ ማእከል ኮዋ (COA) ክንሰዶ ኢና። ካብ ኢ.ኢን ዴ ናብ'ቲ ናይ ኮዋ ኣድራሻኻ ዕድመ ዝመጻካ እንተኾይኑ ባዕልኻ ኣጻሪ። ነዚ፡ ብመንገዲ ሞርበብገጽ ናይ MyCOA (www.mycoa.nl/post) ርኣዮ ወይ ድማ ነቲ ኣብ ሪሰፕሽን ዝልጠፍ ናይ ፖስጣ ስም ዝርዝር ተኸታተል። ንስኻ ኢ.ኤን ዴ ኣብ ክረኽበካ ዝኽእል ኩነታት ክትጸንሕ ኣገዳሲ እዩ። ስለ'ዚ፡ ደብዳቤ ዝመጻካ እንተኾይኑ ኣብ ሪሴፕሽን ናይ ኮዋ እንዳኸድካ ቀጻሊ ተኸታተል።

**ሕቶ ኣለካ?**
ብዛዕባ ቫየርስ ኮሮና ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ መርበብ ገጽ ind.nl/coronavirus ተወከስ። ንኻልኦት ጉዳያት ዝምልከቱ ሕቶታት ምስ ዝህልዉኻ ድማ፡ ናብ ማስመር ሓበሬታ ብቑጽሪ ስልኪ 088 04 30430 ደወል።

ምስ ሰላምታ፡
ኣ. ኤን. ሞለማን
ዳይረክቶር ዐቕባን ምክልኻልን

ዝያዳ ሐበሬታ፡ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ገጻት መርበብ ክትረክብ ትኽእል፡-
[www.ind.nl](http://www.ind.nl)
[www.rvr.org](http://www.rvr.org)
[www.vluchtelingenwerk.nl](http://www.vluchtelingenwerk.nl)